
Save the Children

# መዓልቲ ናይ...ሓሳባትን ሓባራዊ ንጥፈታት ንስድራቤትን ቆልዑን


ዝኸበርኩም ወለድን ቆልዑን

ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ኣብ ታሕቲ ናይ ምምሃር፡ ምድህሳስን ምጽዋትን ሓሳባት ክትረኽቡ ኢኹም። እዞም ሓሳባት ክእለታትኩም ንምምሕያሽን፡ ን ቤት ትምህርቲ ንምድላውን ከምኡ ድማ ብሓባር ጽቡቕ ግዜ ንክህልወኩምን ክሕግዘኹም እዮም።



**መዓልቲ ናይ ቦርድ ወይ ሰደቓ ጸወታታት**


ናይ ካርድ ወይ ቦርድ ጸወታ። ቸዝ። ምዝካር። Bingo. Domino. Uno. ናይ ገዛእ ርእስኹም መጻወቲ ካርድን ዳዶን ብወረቐት ስርሑ። ናይ ገዛእ ርእስኹም ሕግታት ግበሩ።



**መዓልቲ ምስኣልን ምቕባእን**


ዝደለኹሞ ሰኣሉ ወይ ቅብኡ። ወይ ኣብ ፍሉይ ኣርእስቲ ምስኣል። ዝተፈላለዩ ነገርታ ተጠቒምኩም ቅብኡ፥ ርሳሳት ሕብሪ፡ ሕብራዊ ፒሮ (ቻርኮል )፡ ዋተር ከለር (ናይ ማይ ሕብሪ)፡ ኩሩሽ፡ ባህርያዊ ሕብርታት ካብ ዕምባባታትን ኣትክልትን።

Save the Children




## ከባቢ ቦታታት ናይ ምድህሳስ መዓልቲ

ብእግርኩም ተጓዓዙን ነቲ ቦታ ድማ ከምትፈልጥዎ ግበሩ። ኣብ'ቲ ቦታ ዘለዎ ገዝውቲ፡ ጎደናታት፡ መናፈሻታት፡ መጻወቲ ሜዳታት፡ ዱኳናት ተመልከቱ። ብዝተካኣለ ብዝሕ ዝበለ ቕሎዑ ዝፈትዉዎ ቦታታት ርከቡ።



## መዓልቲ ናይ ዛንታትን ምንጋር ጽንጽዋያትን


ንቖልዑ ጽንጽዋያት፡ ዛንታታትን ፍሉጣት ወይ ብሃራት ሰባት ናይ ሃገርኩምን ንገርዎም። ነቲ ዛንታ ብዝተኻእለ መጠን መሳጥን ዝመስልን ጌርኩም ክትነግርዎም ፈትኑ። ነቶም ቆልዑ ዝፈዉዎ ዛንታ ክነግሩ ሕደግዎም።



## መዓልቲ ስፖርትታት


ብዘለኩም ዘድሊ መሳርሒ ጌርኩም መስ'ቶም ቆልዑ ኮንኩም ስፖርት ግበሩ። ከም ኣብነት፥ ጉያ። ምሕንባስ። ኩዕሶ። ኩዕሶ ሰኪዔት። ናይ ጣውላ ቴንስ። ብሽክለታ። ንክትስዕስዕ።

Save the Children




### ናይ ሙዚቃ፡ መዛሙርን ሳዕሲዒትን መዓልቲ

ሙዚቃ ስማዕ። ደርፊ ድረፉ። ን ውላድኩም ካብ ናይ ሃገርኩም ባህላዊ ሳዕሲዒት ኣርእይዎም።



### መዓልቲ ንካልኦት ምሕጓስ


ሎምዓንቲ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ'ታ ስድራ ዘሎ የሕጉስዎ። ብ ሓደ ደስ ዘብል ነገር ንነብስኹም ኣገርምዋ(ሳርፕራይዝ)። ኣብ ዝመጽእ ግዜ ንስድራኹም ብምንታይ ከምተገርምዎም(ሳርፕራይዝ) ሕተትዎም።



### ናይ ዓድኹም ባህሊ ትኹስኩሱ መዓልቲ


ንደቁኹም ብዛዕባ ባህልኹም ፣ህዝብን ዝመጻኹሙሉ ሃገርን ተዛረብዎም። ንባህልኹም ከም ተድንቖዎ ንደቁኹም ኣርእይዎም። ኣገዳስነት ባህልን ልምድታትን ነቶም ቆልዑ ግለጹሎም።

**Save the Children**




**ናይ ዓዲ ቋንቋ ናይ ምልምማድ መዓልቲ**
**ናይ ወጻኢ ቋንቋ ምምሃር**

ኣብ'ዚ ዘለኹሞ ሃገር ኮንኩም፡ በቲ ሓድሽ ናይ ዘለኹሞ ቁንቋ ሓሙሽተ ሙሉእ ሓሳባት ተምሃሩ። ነቶም እኹላት ወይ ካልኦት ቆልዑ ሙሉእ ሓሳባት ንክምህርኹም ሕተትዎም።





**ናይ ሕሳብ/ቁጽሪ መዓልቲ**

ብዛዕብባ ሕሳብ ነቲ ቖልዓ ተዛረብዎ። እንታይ ኣዩ ዘገድስ ኣበየናይ ኩነታት ከም ዘድሊ ሕሳብ። ቅልል ዝበለ ናይ ሕሳብ ሕግታት ግለጽ።




**ምስ ካልኦት ስድራቤት ገለ ነገራት እንገብረሉ**

ምስ ካልኦት ስድራ ተራኸቡ ከመኡ ውን ብሓባር ኬንኩም ኣንታይ ከም ትገብሩ መደብ ኣውጽኡ። እኣኣቶም ዉን ሓደ ዓይነት ቃንቃ ዘይዛረቡ ስድራቤት ክኾኑ ይከኢሉ ኣዮም።





### መዓልቲ ጸወታ ቋኑቋ

ብ ናትኩም ቃንቃ ወይ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ጌርኩም ምስ ደቅኹም ናይ ቓንቋ ጸወታ ተጻወቱ። ብሓደ ፊደላት ዝጅምሩ ቃላት ድለዩ። ወይ ምድላይ ቃላት በታ መወዳእታ ፊደል ናይታ ኣቐዲማ ዝነበረት ቃል ዝጅምር። ሓድሽ መሃዙ(ዝግመት)ቃላት፡ ብሓደ ረምታ ዝውዱኡ ቃላት ወይ ረምታታት ንገሩ።



### መዓልቲ ናይ ኣካላት ምውስዋሳት


ምስ ቆሉዑ ኮንክም ናይ ምሉእ ኣካላት ናይ ጥዕና ምውስዋሳት ግበሩ። ፍትለ። ትሕቲ ሽምጢ ምትዕጽጻፍ። ፑሽ-ኣፕ። ኣስካላታት ምሑኳር። ኣካላትኩም ምምጣጥ። ንሓድሕድኩም ሓድሽ ምውስዋሳት ተረኣኣዩ።



### መዓልቲ ግምታት


ኣብ ሓሳብኩም ብዛዕባ እንታይ ክትሓስቡ ወይ ክትግምቱ ትደልዩ ሓሳብኩም ኣካፍሉ። ኣየናይ ፍጡር ክትኮኑ ትደልዩ? ኣየናይ ልዑል-ሓይሊ ክህልወኩም ትደልዩ? ካብ መጻሕፍትታት፡ ፊልምታት፡ ዋዛታትን ወይ ዛንታታት ኣየናይ እምበረመጠን-ጅግና ትፈትዉ?

Save the Children




**መዓልቲ ምምሃር ብዛዕባ ስነ-ፍልጠት**

ብዛዕባ ዝምስጠኩም ስነ-ፍልጠት ተዛረቡ። ሓደ ሰብ ኣብዞም ስነ-ፍልጠታት እንታይ ክምሃር ይክኣል? ኣብኡ እየኖት ፍሉጣት ሳይንቲስትስ ኣለዉ? ስለምንታይ እዩ እዚ ስነ-ፍልጠት ንሰባት ኣገዳሲ ዝኾውን? ኣየናይ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ሂወት ከትጥቀሙሉ ትኽእሉ?




**መዓልቲ ምምሃር ብዛዕባ እታ ስድራቤት ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ትነብረሉ ዘላ ሃገር**

ኣብ’ቲ ትነብሩሉ ዘለኹም ሃገር ብዛዕባ ተፈጥሮ፡ ሰባት፡ ባህልታት፡ ቋንቋ፡ መግቢ፡ስፖርትታት ወይ ኣገባባት ስነ ጥበብ ንሰራሕተኛታትን ጎረባብትን ሕተቱ፡ ኣብ ኢንተርነት ፈትሹን ከምኡ ድማ ድለዩ,




**መዓልቲ ብእግሪ ምጉዓዝ**

ናብ ፓርክ፡ ጫካ፡ ውሒዝ፡ ወይ ቀላይ ብእግርኹም ተጓዓዙ ወይ ብጽሑ። እዞም ቦታታት ኣበየናይ ከባቢ ኣለዉን ብኸመይ ናብኡ ይብጻሓን ን እኹላት ሰባት ሕተትዎም።




**መዓልቲ ምስራሕ ህንጻታት**

ካርድታት፡ ባኮታት፡ ፒሮታት ወይ ካልኦት ነገራት ጌርካ ግምብታት (ንላዕሊ ዝወጹ ነገራት) ወይ ካልኦት ቅርጽታት ምግጥጣም። ነቲ ቅርጺ ጽኑዕን ብዝተኻእለ መጠን ላዕሊ ዝበጽሕን ጌርኩም ክትሰርሕዎ ፈትኑ።



**መዓልቲ ዛንታታት ስድራቤት**

ኣብ ሂወትኩምን ስድራኹምን ብዛዕባ ዘስሕቑን ዘስደሙሙን ተመኩሮታት ተዛረቡ። ከመይ ከም ዝተሰምዓኩም ሸው ዘክሩ። ንደቅኹም ብዛዕባ ኣቦሓጎታትኩም ከመይ ይነብሩ ከምዝነበሩ ንገርዎም። ንዓኹም ዘስሕቕ ዋዛታት እንዳነገርኹም ስሓቑ።



**ብዛዕባ ተፈጥሮ እትምሃርሉ መዓልቲ**

ምስ ደቁኩም ብዛዕባ ምንታይ ዝያዳ ክፈልጡ ይደልዩ ተዘራረቡ፡ ብዛዕባ ኣትክልቲ፡ እንስሳታት፡ ባህርያዊ ፍጻሜታት፡ ኣድማስ...ብዛዕባ እዚ ከመይ ጌርኩም ንደቅኹም ትምህርዎም ሓሳባት ርኸቡ (መጻሕፍቲ፡ ኢንተርነት፡ ዛንታታ፡ዕደታት...)

Copyright: Save the Children Switzerland; based on: CIP Centar za interaktivnu pedagogiju & Save the Children International Serbia - Parenting on the Move.